# *መበል ፳፫ ዓመት በዓል ናጽነትና ብኸብ ዝበለ መዓርግ ኣብ ስያትል ተጸምቢሉ!*

*ናይ 2014 ጽንብል ሓርነት ሃገርና፡ ብ "ንርህው ጽባሕ - ሎሚ ንስራሕ" ዝብል ቴማ፡ ከም'ቲ ልሙድ፡ ለብዘን'ውን ኣብ "Volunteer Park" ዝበሃል ናይ ስያትል ቦታ፡ ብኣማእታት ዝቝጸሩ ኤርትራውያንን፡ መሓዙት ኤርትራውያንን ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ብዓቢ ፍስሃ ተጸምቢሉ። "ኣብዘን ዝሓለፋ ፳፫ ዓመታት፡ ሳላ ጻዕራም ህዝብናን፡ ውፉይ መንግስትናን፡ ናይ ዝተፈላለዩ ተጻባእቲ፡ ዘይተኣደነ ሸርሒታት ኣፊሺሉ፡ ኣብ ዘይነዓቕ ውንጫፈ-ግስጋሰ ከምዘሎ ዋላ ጸላእትና ዝፈልጥዎ ሓቂ እዩ" ብማለት ነቲ በዓል ዝኸፈቶ፡ ኣቦ መንበር ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ስያትል፡ ብጻይ ብርሃነ ኣልኣዛር፡ ነቲ መድረኽ ናብ "ፍሉይ መደብ ህጻናት" ኣመሓላለፎ። እተን መደባት ብኣብ ስደት ዝተወልዱን ዝዓበዩን መንእሰያት ደቅና፡ ብዝንኣድ ብቕዓትን ዝምስገን ተገዳስነትን ዝቐረባ፡ ንኹለን ብሄራትና ዝውክላ፡ ባህላዊ ምርኢት፡ በብተረኣን ብምቕራብ፡ ካብ ተዓዘብቲ ዓቢ ኣድናቖት ኣትሪፈን!*

*ከምኡ'ውን ብከንቲባ ከተማ ስያትል፡* **Ed Murray**, *ዝተፈረመት ወረቐት ምስክር ብዛዕባ* ***"ምእዋጅ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ስያትል"*** *ንተሳተፍቲ ምስተበሸረት፡ ተሳተፍቲ ብውዕውዕ ጨብጨብታን ዕልልታን፡ ሓጎሶም ገለጹ። ኣብ መጨረሽታ፡ ኣቦታት ብተሓምበለ፡ ኣዴታት ከኣ ብእልልታን ጨብጨባን፡ በቲ ንወኒ ዘነቓንቕ ቃና ሙዚቃ ተሰንዮም፡ እቲ መደብ፡ ንህዝባዊ ጓይላታትን ሳዕስዒትን ተኸፍተ። ኣብ ሞንጎ ትልሂታት ከኣ እዋናዊ ዝተፈላለየ ግጥምታትን መደረታትን ብዓበይትን መንእሰያትን ብምቕራብ፡ ነቲ በዓል ዝያዳ መቐረት ብምንባር፡ እቲ ናይ ኣስታት ፫ ሰዓታት መደብ፡ ብዓወት ተዛዚሙ።*

*ንጽባሒቱ ሰንበት ምሸት፡ ፳፰ ግንቦት ከኣ፡ ኣብ King's Hall ዝተባህለ ዓቢ ኣዳራሽ ከተማ ሲያትል፡ ትልሂታዊ መደብ፡ ብዓቢ ሃንቀውታ፡ ብዝኸረ ሰማእታትን፡ ሃገራዊ መዝሙርን ምስ ተኸፍተ፡ ኣቦ መንበር ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ሲያትል፡ ፡ ሓጻር ናይ በዓል ናጽነትና ቃል ብስማዕንን፡ ምስጋና ነቶም ብኣካልን ብንብረቶምን ዝተሓባበሩ ነጋድያን ከተማ ሲያትል ብምምስጋን፡ ናይ'ዛ ረዛን ዕለት ቃለ-መንግስቲ ኤርትራ ከስምዕ፡ ንኣቦ መንበር ህግደፍ ጉጅለ ከተማ ሲያትል፡ ብጻይ የማነ ፍቓዱ፡ ናብ መድረኽ ዓደሞ።*

*ብጻይ የማነ ነቲ ካብ ኤምባሲ ሃገርና ዝተላእከ ደብዳቤ ኣንቢቡ ምስ ወደአ፡ ንኣብ ከተማና፡ ከተማ ሲያትል፡ ዝተዓዘቦ፡ ኣገዳሲ ትዕዝብትን፡ ሓበሬታን ከገልጽ ከሎ፡ ስምረት ህዝብና፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነጸብራቕ፡ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ዝግስግስ ዘሎ እወታዊ ምዕባለ፡ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሲያትልን ከባቢኣንው'ን፡ ነዚ ናይ ዓረ ስምረት ህዝብና፡ ክብትን ዝደሊ እንተልዩ፡ ኣብ ዘይጭበጥ ሕልሚ ከም ዘሎ፡ ወግሐ ጸብሐ እንዳተጋህደ ዝረአ ዘሎ፡ ጭቡጥ ነገር እዩ፡ ብማለት መልእኽቱ ዛዘመ።*

*ብምቕጻል፡ በቶም ካብ ነንሕድሕዶም መወዳድርቲ ዘይነበሮም፡ ድምጻውያንን ናይ ሙዚቃ ተላሃይትን፡ ብድምጻዊ* ***ረዘነ ገብረኣብ፡*** *ዝተኸፍተት ጓይላ፡ ንተሳተፍቲ መደብ ካብ ኮፍ ኢሎሙሉ ዝነበሩ ኩርስታት ብድድ ኢሎም፡ ኣብ'ቲ ልሙዕ ጓይላ፡ ንኽካፈሉ ግዜ ኣይወሰደሎምን።*

*ገና ረሃጽ ሳዕሳዕቲን ተላሃይትን ከይነቐጸ ከኣ፡ ነቲ በዓል ናጽነት ንምድማቕ ኢላ፡ ካብ ሃገረ ሽወደን ዝመጸት፡ ህብብቲ ድምጻዊት* ***ሄለን ጳውሎስ፡*** *ኣሸንኳይዶ ንህሉውሲ "ንምዉት'ውን" ዘንቀሳቕስ፡ ትልሂት፡ ኣንጎድጎደቶ! ቀጺለን ዝመጸ ከኣ፡ እተን፡ ንመንእሰያት ጥራይ ዘይኮናስ፡ ንዓበይቲ'ውን፡ ዝማርኻ ድምጻውያን፡ ደቅና፡ ብ"***EriAm Sisters***" ዝፍለጣ ህቡባት ደቂ ኤረ፡ በቲ ልሙድን ዝናፈቕ፡ ትልሂተን፡ ንተኻፈልቲ ጽምብል በዓል*

*ናጽነትና ኣብ "king's Hall" ሲያትል፡ ዘይርሳዕ ሙዚቃዊ መዘከር ኣበርኪተናልና።*

*ድምጻዊ መንእሰይ* ***ሙሴ ጠዓመ*** *ከኣ፡ በቲ ነዕዋፍ ሰማይ ዘውርድ ድምጹ፡ ሓያሎይ ትልሂታት፡ ብምቕናይ፡ ንዝዓበና ኮነ ንዝነኣስና፡ ሽኾርተት ከብለና ኣምስዩ።*

*ቀጺሉ ከኣ ነዛ ብደም ስዉኣትናን፡ ስንኩላን ተጋደልትናን፡ ዝተረጋገጸት ክብርቲ በዓል ናጽነትና፡ ንምዝካርን ንምኽባርን፡ ነቕ ዘይብል ሓድነት ህዝብና ዝምስክር፡ ብ"ኣእዳው" ኩለን ተኻፈልቲ ማሕበራትን፡ ጽላታትን ማለት ኣባላት ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ መንእሰያት፡ ማሕበረኮም፡ ቆንስላዊ ወኪላት፡ ዝተዋሃሃደአ 'ካራ ሓርነት' ናይ ቶርታ ምቍራጽን፡ ሻምፓኝ ምኽፋትን ስነ ስርዓት፡ ምስ ነጎድጓዳዊ ጣቕዒትን ዕልልታን ተፈጸመ።*

*እዘን ኩለን ድምጻውያን ተላሃይቲ ኤርትራውያን፡ ብኣርቲስት* ***ዳዊት ሃይለ*** *ትቃነ 'ኪቦርድ'(ኦርጋንን፡)፡ ብኣርቲስት* ***ኣልማዝ ተስፋይ*** *ትህረም ጊታርን፡ ከምኡ'ውን፡ ብድምጻውን 'ጎይታ ክራር' ዝኾነን፡ ሙሴ ጠዓመ፡ ትስነ ዝነበረት ሰናይ ምሸት፡ ከም'ታ ብሃንቀውታ ዝተጀመረታ "ወጋሕ ትበል ለይቲ" ኣብ ዝተመደበልና ሰዓታት ናይ ንግሆ፡ መደብና ብዓቢ ዓወት ተዛዚሙ።*

*ናጽነት ኤርትራ ንዘለኣለም ትንበር!*
*ዓወት ንወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ!*
*ዝኽርን ሞገስን ንስዉኣትና!*
*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ሽማግለ በዓላት ሲያትልን ከባቢኣን ሰኑይ ፳፮ ግንቦት 2014*